# ሰፊሕ ሰፊሕ ዑዉት ኣኼባ
# ኣብ ከተማ ርያድ

እቲ ዝነበረ ሃዋህው ናይ 93 ረፈረንዱም እዩ ዘዘኻኽረካ። ስለዚ ድማ እዩ መብ
ዛሕትኡ ተሳታፋይ ሰብ ዳግማይ ረፈረንዱም እዩ ዝበሎ። ዝተረፈ ሰብ ዳርጋ ኔ
ሩ ክትብል የጸግም።ቆልዓ ሰበይቲ ሰብኣይ ተመሃራይ ጎበዝ ኩሉ ኤርትራዊ እዩ
ተሳቲፍዎ።ልዕሊ ሓሙሽተ ሽሕ ህዝቢ ኣብ ቀጽሪ ኤምባሲ ኤርትራ ተኣኪቡ።እ
ቲ ቦታ ብሰብ ኣዕለቅሊቁ፣መርገጽ እግርኻ ትስእነሉ ሃዋህው እዩ ነትሩ። ገለውን
ቦታ ስለዝጸበቦ ዝተመልሰ ብዙሕ ሰብ ነይሩ።ትሽዓተ ቓንቓታትና ክልተ ሃይማ
ኖትና ግን ሓደ ህዝቢ፣ ንሓንቲ ሃገር፣ ብሓደ ልቢ፣ብሓባር ምእንቲ ሓንቲ ኤርት
ራ፣ ብሓደ ድምጺ እወ ንሰላም! ኣይፋል ንኩናት!ዝብል ድምጺ ብሓባር ኢና
ዘሚርና።

ኤርትራዊ ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ኣብ ፈቆዱ ጎደናታት እንዳወጸ ንእምቢታ
ወያነ ብምኩናን ንስቅታ ማሕበረሰብ ዓለም የቃልዕ ኣሎ። ንሕና ተቀማጠ ርያድ
ምስ ሕግን ባህልን ንግስነት ሱዑዲ ዓረብ ሰላማዊ ሰልፊ ክግበር ስለዘይፍቀድ፣
ንሕጊ ናይ እንነብረሉ ሃገር ብምኽባር ድምጽና ከም ኩሉ ኤርትራዊ ብሓውሲ ሰ
ላማዊ ሰልፍን ኣኼባን ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ከነቃልሖ ተገ
ዲድና።ህዝቢ እውን ነቲ ብመንግስቲ ሱዕድያ ዝግበረልና ምትሕግጋዝ ብመንገዲ
ማሕበረ-ኮሙ ምስጋንኡ ገሊጹ።

ህዝቢ ካብ ሰዓት ሽድሽተ ጀሚሩ ኣብ ቀጽሪ ኤምባሲ ክውሕዝ ጀሚሩ።ልክዕ ሰ
ዓት ሸሞንተ ድማ ነቲ መደብ ብምጅማር ህዝቢ ታቤላታት ጭርሖታትን ስእሊ
ፕረሲደንት ኢሰያስ ሒዙ
እወ ንሰላም! ኣይፋል ንኩናት!
ማሕበረሰብ ዓለም ንዘውሓሶ ስምምዕ ከተግብር ሓላፍነት ኣለዎ!
ንዓቃል ዲፕሎማስያዊ ኣተሓሕዛ መንግስትና ንድግፍ!
ብወፈራ ሓሶት ሰላም ኣይፍጠርን እዩ!
ንኹሉ እንተታት ድልዋት ኣሎና!
ዶብና ከይተሓንጸጸ ምስ ወያነ ዘተ ኣይድልየናን እዩ!
ዝብሉ ጭርሖታት እንዳጨርሓ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ኤምባሲ ዝርከብ ኣደራሽ ናቕ
ፋ እንዳዞረ ብምእታው ቦቦትኡ ሓዘ። ሃገራዊ መዝሙር ብምዝማር ድማ እቲ ኣ
ኼባ ብወግዒ ተጀመረ። ኣብዚ ምሸት'ዚ ቃል ማሕበረኮምን ህ.ግ.ደ.ፍን ብቃን
ቃ ዓረብኛን ትግርኛን ተነቢቡ። ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ግጥምታት ንኣብያን ቀ
ይዲ በተኻዊ ኣካይዳ ወያነ ዝኹኑኑ፣ብቓንቓታት ትግሪኛን ዓረብኛን እንግሊዝን
ቀሪቦም።ከምኡውን ጉጅለ ባህሊ ርያድ ንጅግንነትን ጽንዓትን ህዝብና ዘንጸባርቑ
ሓደስቲ ዜማታት ብምቕራብ ነቲ ኣኼባ ድምቀት ሂቦሞ ኣምስዮም። ኣብ መጨ
ረስታ ድማ ልክዕ ሰዓት 10.30 እቲ ኣኼባ ንማሕበረሰብ ዓለም ንዘውሓሶ ስም
ምዕ ከተግብር ብምዝኽኻር፣ብዓወት፣ ብዝክረ ሰማእታት ተዛዚሙ።

ግርማይ የማነ
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!
ዓወት ንሓፋሽ!

ገለ ካብቲ ኣብቲ ኣኼባ ዝቀረቡ ግጥምታት፣-

## <u>እዚ ድዩ ኻልእ?</u>

እዚ ድዩ ካልእ - ተባዕ ህዝብኺ!
ሓድነቱ ከምዓረ ዝጸንዕ ኣብ ሽግርኪ
መመሊሱ ተሳሒሉ ዝበልሕ ኣብ ወጻዕኺ
እዚ ድዩ ኻልእ!
ነዚ ህዝቢ'ዚ ዘይፈልጥ ገርሂ'ዩ ብሓቂ
ሓድነቱ ዝሰስን ኣብ ናትኪ ጭንቂ
ዕለታዊ ሸቐልቀሉ ንጎኒ ገዲፉ
ኣብ ቀረባኺ ተዘይጸኒሑ ዘይድቅስ ዓሪፉ
እዚ ድዩ ኻልእ!
ቅድም እንታይ ነይርዎ
ሎሚ'ውን እንታይ ኣለዎ
ምስጢር ዓወቱ ምስጢር ጅግንነቱ
ድርብ ሓመቱ ጽንዓቱ ድርብ ሓድነቱ
ፍቕሪ ሃገሩ ነቕ ዘይብል እምነቱ
እዚኤን እየን ሎምን ቅድምን
ቀንዲ ህያብ ናቱ።

ተተበደልኪ ንሕና ዋልታኺ
ተተጎበጥኪ ንሕና ዓንድኺ
እንተተደወንኪ ንሕና ብርሃንኪ
ተተቀላዕኪ ንሕና ጉልባብኪ
ተወደቕኪ ንሕና ምንጻፍኪ
ተተጸገምኪ ንሕና ራህዋኪ
ንሕና ኢና ንሕና ኣሰር ሰዓብቲ
ንህላዌኪ ሰጋእ ከይበልና ሂወትና መነንቲ
ዕድልና ምስ ዕድልኪ ጠመርቲ
ኩልና-ኩልንትናና ንዕግበት ዊንታኺ
ንወድቕ ንትንስእ ምእንታኺ
ንሕና ናትኪ ንስኺ ናትና
መንዶ ኣለና'ዩ ብጀካኺ።

ንዓና ከም ህዝቢ ብናይ ወያነ ገምጋም
ኣብ ከብዱ ዘሎ ረስኒ ንኽሳውር ሕማም
ብጌጋ ንኽንብበና ኣህጊጎምሉ ዕጣን
ጀመረ ከህተፍትፍ ነቲ ጌጋ ዘንበቦ
ህዝብን መንግስትን ከምዘይቃዶ
ህዝብና ብኣውራጃ ተገማሚዑ ከምዝስንዶ
ህዝቢ ካብ ሻዕብያ
ንወያነ መሪጹ ሃገር ከረክቦ
ዓሻ ገምጋም ዓሻ ትምኒት   ዓሻ ድልየት

ተጋጊኻ ብጌጋ ገሊጽካና
ንሕና'ኮ ንሕና ኢና-ጸጋና ሓድነትና
ትንፋስ-ሃገርን ህዝብን ዝተዋሃሃዱ
ኣብ ራህዋ ዝነገዱ ኣብ ሽግር ዝጸምዱ
መስዋእቲ ደቃ-
ብዕልልታ ካ እትገልጽ ኣደ'ኮ እዩ ተወሊዱ።

ምስቅልቅል ቅሉዕ ጃንዳ ወያነ
ንዘይፈልጦ ኣስኪሩ እንተዕወንወነ
ንዓኺ ድኣ'ሞ ከመይ ክግራሃልኪ
ተኸሊ እግሩ-
ከመይ ከምዝኸየድ ዝማሃርኪ
ሰብ'ኮ ይመውት ይቕበር
ታሪኽ ግን ነባሪ'ዩ
እንዳሓደረ ዝባራበር
ልጋም ሓሶት ነኺሶም ካብጋለቡ
ንህዝቦም እንቕዓ ሓሶት ካብ ከደኑ
ዋጋ ሓሶቶም-
ብውልቂ ዝምልከቶም ኮይኑ
ውዕል ሕደር ዘይብላ ባድመና
ትመለስ ኣብ ኢድና።

ሃገረይ-ሓቂ ዘይብላ ዓለም
ኩነታታ ተዓዚብኪ- ልቢ ኣዕቢኺ
ናብ ሕጊ ካብ በጻሕኪ
ሕጊ ኣኸቢርኪ ድማ-
ብሕጊ ካብ ረታዕኪ
ዘተ ይኹን ልዝብ!!
በልዮም ድሕሪ ማይ ኣብ ባዓቲ
ሃገረይ-እዞም ሰባት
ሎሚ ቅንጣብ ካብ መሬትኪ
ጽባሕ ግማዕ ካብ ማይ ባሕርኺ
ሲዒቡ ምቁጽጻር ዕዳጋኪ
ቀጺሉ ንምጥፋእ ህላዌኺ
ናብኡ ዝዓለመ'ዩ ኣተኩሪ ሓደራኺ
ንገርዮም ልዝብ ከምዘየለ
ብዋጋ ልኡላውነትኪ።

ኣሕመድ ዓብዱ
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ
18-12-2003